# ንውሃብቲ ሓልዮት ሓገዝ ኣበይ ክትረኽብ ይኽኣል

Carer Gateway
An Australian Government Initiative

benevolent SOCIETY

In partnership with YourSide



ሳርጎን/Sargoon፣ ንጓሉ ሓልየት ገባሪ

ውሃቢ ሓልዮት ማለት ንዝኾነ ስድራቤት ኣባል ወይኻዓ መሓዛ እሞ ናይ ኣካል ጉድዓት፣ ጸገም ጥዕና፣ ናይ ኣእምሮ ሕመም ንዘለዎ ወይኻዓ ብሰንኪ ዕድመ ንባዕሉ ምቁጽጻር ጸገም ንዘለዎ ምክንኻን ዝገብር እዩ።

ምክንኻን ትህብ እንተኾይንካ ብናይ ውሃቢ ሓልየት መእተዊ መገዲ/ **Carer Gateway** ኣቢልካ ሓገዝን ደገፍን ክትረኽብ ትኽእል።

## Carer Gateway እንታይ ማለት እዩ?

Carer Gateway ብኣካል ቀሪብካ፤ ብስልኪን ብኦንላይን መስመር መረዳእታ የዳልዉ፤ ከምኡ'ውን ን2.65 ሚሊዮን ንዝኾኑ ኣውስትራሊያውያን ንምሕጋዝ ብዘይኽፍሊት ብናጻ ንውሃብቲ ሓልየት የዳልወሎም እዩ።

ናይ Carer Gateway ብዙሕ ኣገልግሎታት ከምዘለዎ፤ እዚ'ውን ከም ሓልየት ውሃቢ ናይ ሥራሕ ድርሻ ዘለዎ ቡብመዓልቲ ክበጽሕ ንዝኽእል ዝኾነ ኣጺጋሚ ነገራት፤ ስሚዒታዊን ገንዘባዊ ንዝኾኑ ጭንቀታት ክሕግዘኻ ይኽእል።

## ንናይ Carer Gateway ኣገልግሎታት ብኸመይ ክጥቐመሉ እኽእል?

ንናይ Carer Gateway ኣገልግሎት መዳለዊ ብስልኪ **1800 422 737** ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ንጉሆ 8am ክሳዕ ድሕሪ ቀትሪ 5pm ብዘሎ ግዜ ደዊልካ ክተዘራርብ ትኽእል። እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምትደሊን ብኸመይ ነቲ ኣገልግሎትን ደገፍ ክትረኽብ ከምትኽእል ናይ Carer Gateway ሰራሕተኛ የዘራርበካ እዩ። ብናትኻ ቛንቛ ንዝኾነ ሰብ ክተዘራርብ እንተደሊኻ፤ ንትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብስልኪ **131 450** ጌርካ ምድዋል ትኽእል። ብናይ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ኣቢልካ ካብ 160 ቛንቛታት ንላዕሊ ዝዛረቡ ኣስተርጎምቲ ይዳለዉ እዮም። እቲ ኣገልግሎት ኣብ መዓልቲ ን 24 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ን 7 መዓልታት ከምዝዳለዉ እዩ።

ከምኡ’ውን Carer Gateway ንናይ ሃገራዊ ድረገጺ (**carergateway.gov.au**) ከምዘለዎ፤ እዚ’ውን ንስኻ ከም ሓልየት ውሃቢ ምኳንካ መጠን ንምሕጋዝ ብኦንላይን መስመር ኣገልግሎትን መረዳእታን የዳልወልካ እዩ።

**Carer Gateway** ንብዙሓት ኣገልግሎታት የዳልዉ፤ በዚ ውሽጢ ዚጠቓልል:

### ሥልጠና/Coaching

ጭንቕት ንምቁጽጻርን ንድሕንነትኻ መምሕያሽ ሓደሽቲ ሜላታት ክትማሃር እንተደሊኻ፤ ብባዕልኻ ተመሪኻ ሥልጠና ኮርሲታት ኣብ Carer Gateway ድረገጺ ኣቲኻ ምኽትታል ክሕግዘካ ይኽእል።

### መማኽርቲ//Counselling

ናይ ምጭናቕ፣ ምብስጫው፣ ምጉሀይ ወይኻዓ ተስፋ ናይ ምቑራፅ ስሚዒት እንተሃልዩካ ሰበሞያ ኣማኻሪ ብዛዕባ ዘለኻ ጭንቕታት ብምዝርራብ ክሕግዘካ ትኽእል። ብከባቢኻ ዝርኸብ ሰበሞያ ኣማኻሪ ሓደ ብሓደ ንበይንካ ከዘራርበካ ይኽእል ወይኻዓ ምቹው ብዝኾነ ስፍራ ኣብ ገዛኻ ኾይንካ ብስልኪ የዘራርበኻ እዩ። ብናትኻ ቛንቛ ዝኾነ ውሰብ ክተዘራርብ እንተደሊኻ ንትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብስልኪ 131 450 ጌርካ ክተዘራርብ ትኽእል።

### ዕረፍቲ መርከቢ ምክንኻን/Respite care

‘ንእፎይታ’ ወይኻዓ ‘ንዕረፍት ምክንኻን’ ንስኻ ምክንኻን ትገብረሉ ሰብ ብካልእ መዳለዊ ሓልየት ምክንኻን ክውሃቦ እንተሎ እዩ። ብህጹጽ ጸገም እዋን ንናይ ዕረፍቲ መርከቢ ምክንኻን ከድልየካ ይኽእል እዩ። እዚ’ውን ቐልጢፍኻ ነቲ ምክንኻን ክትህብ እንተዘይኺእልካ፤ ንኣብነት፡ እንተሓሚምካ ወይኻዓ ጉድዓት እንተበጺሑካ እዩ። ከምኡ’ውን ብህጹጽ ጸገም እዋን ንዕረፍት መርከቢ ምክንኻን ንምድላዉ ወይኻዓ ንዕረፍት ምክንኻን መርከቢ እቅድ ምድላው፤ ን Carer Gateway ብስልኪ 1800 422 737 ደውል እሞ ብከባቢኻ ንዘለዉ መማገጽቲ ክተዘራርብ ትኽእል።

### ምስካልኦት ውሃብቲ ሓልየት ርክብ ምፍጣር

በይንኻ ብምዃን እንተተሰሚኡኻን ካብ ካልኦት ውሃብቲ ሓልየት ምኽሪ እንተደሊኻ፤ ብተመሳሳሊ ኵነታት ምክንኻን ካብ ዘዳልዉ ሰባት ንዘለዎም ታሪኽ፣ ሓቓዊ ኩነታትን ተመኩሮታት ንክለዋወጡ ምእንታን ክራኸቡ ምድላው ብምግባር  Carer Gateway ክሕግዘካ ይኽእል። ብከባቢኻ ንዝርኸቡ ውሃብቲ ሓልየት ብኣካል ክትራኸቦም ከምትኽእልን ድሕንነት ብዘለዎ ስፍራ ኾይንካ ምኽሪ ብምሃብ ነንሕድኻ ምምሃር እዩ።   ከምኡ’ውን ኣብ Carer Gateway ድረገጺ ናይ ኦንላይን መስመር ኣኼባ ስለዝዳለው እሞ ክትሕጎሰሉን ብኦንላይን መስመር ማሕበረሰብ ምስካልኦት ውሃብቲ ሓልየት ኣካል ብምፍጣር ክትሕጎስ ትኽእል።

## “ንሓደ ሰብ ምክንኻን ንምሃብ ብዙሕ ግዘን ሓይሊን ይውሃቦ፤ የግዳስ ንባዕልኻ ሓልየት ንምግባር ግዘ ክውሃቦ ከምዘድሊ እዩ።”

ሳርጎን/Sargoon፤ ንጓሉ ሓልየት ገባሪ



### ኦንላይን መስመር ናይ ሞያ ኮርሲታት

ሓዱሽ ናይ ሞያታት ብኦንላይን ሓጺር ኮርሲታት ብናይ Carer Gateway ድረገጺ ኣቲኻ ክትማሃር ትኽእል። ብናትኻ ምክንኻን ውህብቶ ናይ ሥራሕ ሓላፍነትካ፤ እዞም ኮርሲታት ከምዝሕግዙን ንናትኻ ድሕንነት ብኸመይ ከምትሕልዎን ምስ ጭንቕትን ሕጋዊ ብዝኾኑ ጉዳያት ዚተዛመደ እንታይ ከምዝግበር ሓበሬታ የዳልወልኻ እዩ።

### ገንዘባዊ ደገፍ

ከም ውሃቢ ሓልየት ምኳንካ ንናይ ፋይናንሻል ገንዘባዊ ደገፍ ክትረኽብ ትኽእል ይኸውን። ክልተ ዓይነት ናይ ገንዘባዊ ደገፍ ውህብቶታት ከምዘለዉ፤ እዚ’ውን ብናይ Carer Gateway ኣቢሉ ንዝፍቐደሎም ውሃብቲ ሓልየት ይኸውን። ብዘለኻ ናይ ውሃቢ ምክንኻን ሥራሕ ድርሻኻ ንዝሕግዝ መሳርሒ ወይኻዓ ኣቕሓት ንምግዛእ ንሓደ ግዘ ጥራይ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረኽብ ትኽእል ይኸውን። ከምኡ’ውን ንዝተፈላለዩ ቐጻላይ ምንቕስቓስ ደገፋት፤ ማለት ከም ዕረፍቲ መርከቢ ወይኻዓ መጓዓዚያ ትራንስፖርት ዝወጸ እቅድ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ልዕሊ ኣሰርተ ክልተ ኣዋርሒ ክትረኽብ ትኽእል ይኸውን።

## ን Carer Gateway ብኸመይ ክዘራርብ እኽእል?

Carer Gateway ንሃገራዊ ብድረገጺ ይዳለው፡ **www.carergateway.gov.au** ወይኻዓ ብስልኪ **1800 422 737** ጌርካ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ንጉሆ 8am ክሳዕ ድሕሪ ቀትሪ 5pm ብዘሎ ግዜ ምድዋል ትኽእል።